***TogetherAgainstTuberculosis***

Schwerpunktcurriculum Global Health, Institut für Geschichte der Medizin
Justus Liebig-Universität Gießen, Iheringstr.6, 35392 Gießen,
Tel.: 0641-9947701 (Sekretariat)
Email: tatbc@histor.med.uni-giessen.de

# <u>ብተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ንምእላይ ምስምማዕ</u>

<u>ዳታ ተሓካማይ</u>

ስም ኣቦ: ___________________________ ስም:___________
ዕለት ልደት: ________________________________________

ኣድራሻ: _________________________________________________________

ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ብፍቶት ኣብቲ መድረኽ መደብ „Together Against Tuberculosis“ ብዝግበርዎ ምእላይ ዝሰማማዕ ከም ዝኾንኩ ኣብዚ እገልጽ ኣለኹ። ናይ እዚ ምእላይ ዕላማ፣ ኣነ እንዳተመላለስኩ ሕክምና ዓባይ ሰዓል ክገብር ከለኹ ንኽሕግዙኒ ተባሂሉ ከም ዝኾነ እፈልጥ እየ። እቲ ርክብ ብርግጽ ብከመይ መልክዕ ከም ዝካየድ፣ ኣነን እቶም ኣለይተይን ባዕልና ኢና ንሰርዖ።

እዚ ምእላይ ብድልየት ከም ዝግበር ከምኡ ድማ ነዚ ተሰማሚዔዮ ዘለኹ ኣብ ዝኾነ እዋን ነቲ ቀጻሊ ጊዜ ክስሕቦ ከም ዝኽእል እፈልጥ እየ።

ኣብዚ ናይዚ መደብ መድረኽ፣ ነቲ ምእላይ ንምውህሃድ ምእንቲ ክሕግዝ ተባሂሉ፣ ብዛዕባይ ውልቃዊ ዝኾነ ዳታት (ስም፣ ጾታ፣ ዕለት ልደት፣ ቦታን ሃገርን ልደት፣ ኩነታት ሓዳር፣ ብጀክኡ ከኣ ቋንቋ ኣደን ካልእ ዝምለኽ ቋንቋን፣ ዜግነት ዘገድስ እንተኾይኑ ድማ ኩነታት መቐመጢ ፍቓድ) ንኽድለብ እሰማማዕ ኣለኹ። እዘን ዳታት ንኻልእ ኣካል ሓሊፈን ኣይወሃባን እየን ወይ ብዘይ ፍቓኩም ኣብ ጥቕሚ ኣይውዕላን እየን። ኩለን እዘን ንውልቂ ዝምልከታ ዳታት እቲ ምእላይ ክውዳእ ከሎ ክድምሰሳ እየን።

ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ፒ.ዲ. ዶክተር ሚካኤል ክኒፐር (michael.knipper@histor.med.uni-giessen.de, Postadresse und Telefon s. oben) ከም መጠን ሓላፊ ክሕብረኩም ብሓጎስ ዝተቐረበ እዩ። ብዛዕባ እቲ ተደሊቡ ዘሎ ዳታን ብዛዕባ ኣጠቓቕሙኡን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይዚ ዳታ ኣሰራርሓ ሕጋዊ መሰረት ኣብ ምዕራፍ 6 እዝባር 1 ፊደል a ሕጊ EU-DSGVO ዝተመርኮሰ እዩ።

_________________________ __________________________________
(ቦታ፣ ዕለት) (ናይ ተሓካሚ/ት ክታም)

*Together Against Tuberculosis*

Schwerpunktcurriculum Global Health, Institut für Geschichte der Medizin
Justus Liebig-Universität Gießen, Iheringstr.6, 35392 Gießen,
Ärztliche Leitung: PD. Dr. med. Michael Knipper
Tel.: 0641-9947701 (Sekretariat)
Email: tatbc@histor.med.uni-giessen.de


# <u>ኣለይቲ ተመሃሮ ምስጢር ንምሕላው ካብ ዘለዎም ግቡእ ነጻ ዝገብር መግለጺ</u>

<u>ዳታ ተሓካማይ:</u>

ስም ኣቦ: __________________________________

ስም: __________________________________

ዕለት ልደት: __________________________________

ኣድራሻ: __________________________________

ኣብዚ ነዞም ዝስዕቡ ኣለይቲ ተመሃሮ

1. __________________________________________

2. __________________________________________

ኣብ ቅድሚ ካልኦት ብዛዕባ እቲ ጉዳይ መደብ „Together against Tuberculosis“ ዘለዎም ምስጢር ካብ ምሕላው (ብ § 203 መጽሓፍ ሕጊ መቕጻዕቲ ገበን መሰረት StGB) ነጻ እገብር ኣለኹ። (ብፍላይ ኣብ ቅድሚ ሓኻይምን ሰብ መዚን)። እዚኣቶም ኣብ ናይዚ መድረኽ ዕማም ንዕኡ ዝምልከት ሓበሬታ ንኽህቡ፣ ፍቓደይ ከም ዝኾነ እገልጽ ኣለኹ።

እዚ ምስጢር ካብ ምሕላው ነጻ ዝግበር ተሰማሚዔዮ ዘለኹ ፍቓደይ ኣብ ዝኾነ እዋን ክስሕቦን ንቐጻሊ ጊዜ ከቋርጾ ከም ዝኽእል እፈልጥ እየ።

________________________ __________________________________

(ቦታ፣ ዕለት) (ናይ ተሓካሚ/ት ክታም)

***Together Against Tuberculosis***

Schwerpunktcurriculum Global Health, Institut für Geschichte der Medizin
Justus Liebig-Universität Gießen, Iheringstr.6, 35392 Gießen,
Tel.: 0641-9947701 (Sekretariat)
Email: tatbc@histor.med.uni-giessen.de

# ***ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ምስምማዕ መግለጺ ኣብ መድረኽ ናይዚ መጽናዕቲ መደብ „Together Against Tuberculosis“ (ደቀንስትዮን ተባዕተዎትን ተሓከምቲ)***

## ***ሓበሬታ ብዛዕባ መደብ***

ኣብ መድረኽ ናይዚ መደብ *„Together Against Tuberculosis“* እቶም ብሕማም ዓባይ ሰዓል ዝተተሓዙ ተሓከምቲ ኣብቲ ነዊሕ እዋን ዝወስድ ብፈውሲ ዝግበር ሕክምና ሓገዝ ይረኽቡ። ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ነዞም ተሓከምቲ የሰንይዎም ከምኡ ድማ ብማሕበራዊ፣ መዋቕራዊን ካልእ ነዚ ሕክምናዊ ቴራፒ ዝዕንቅፍ ካብኡ ሓሊፉ እውን ንምቁራጽ ከምርሕ ዝኽእል ጸገማትን ንኽስዕሩ ይሕግዝዎም። ናይዚ ዕላማ ኩሎም ተሓከምቲ ብዓወት ካብቲ ዓባይ ሰዓል ንኽሓውዩ እዩ። ናይ ኩሎም ተሓከምቲ ተሳትፎ ሙሉእ ብሙሉእ ብድልየት እዩ!

## ***ኣየኖት መጽናዕቲ እየን ኣብዚ መደብ ዝካየዳ?***

ኩሎም ኣብዚ *„Together Against Tuberculosis“* ዝብል መደብ ዝሳተፉ፣ ነቶም ተሓከምቲ ብተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ምድጋፍ ሓደ ጽቡቕ ዝኾነ ሓገዝ ከም ዝኾነ ይኣምኑ እዮም። ኣብዚ ናይ መደብ እዋን፣ እቶም ተሓከምቲ እንታይ ዓይነት ጸገማት ከም ዘጓንፎም፣ ኣብቲ መድረኽ ሕክምና ዓባይ ሰዓል ዘጋጥሞም ሽግራት እንታይ ከም ዝኾነን፣ ንኹሎም ተሓከምቲ ዘጋጥሞም ሽግራት ንምቅላል ወይ ከኣ ብፍጹም ንምውጋድ እንታይ ዓይነት መገዲ ከም ዘሎን፣ ንመሃር ኢና። ስለዚ እዚ መደብ ኣብ ጀርመን ናይ ዓባይ ሰዓል ሕክምና ክግበር ከሎ፣ ነቶም ተሓከምቲ ዝግበር ክንክን ንምምሕያሽ እውን የገልግል እዩ።

ነዚ ሕቶታት ክንመልሶ ምእንቲ ክንክእል፣ ነቲ ኣብዚ መደብ ዝግበር ተሞክሮ ኩለንትንኡን ብሓፈሽኡን ክንግምግሞ ኣለና። ነዚ ንምግባር ድማ ነቲ ኩሉ ንዕዘቦ ብትኽክል ክንምዝግቦ ኣለና ድሕሪኡ ድማ ንኩለን ዳታትን ሓበሬታን ከነጽንዔን ኣለና። ካብኡ ሓሊፍና እውን ነቶም ተሓከምቲ፣ ሳሕቲ ከኣ ነዝማዶም፣ ነቶም ምስ እዚ ሕክምና ዓባይ ሰዓል ርክብ ዘለዎም ሓኻይም፣ ሰራሕተኛታት ማሕበራዊ ጉዳይ፣ ሓሓሊፍና ክንሓቶም ኢና ምስኦም እውን ክንማየጥ ኢና። ካብ ተሓከምቲ ወይ ካብ ኩሎም ኣብዚ ዝሳተፉን ምውካስን ሓሳብን እውን ብሓጎስ ንቕበል ኢና። ብኸምኡ ነቲ ኩነታትን ካብ ኩሉ ከኣ ነቲ እቶም ኣብ ጀርመን ዘለዉ ተሓከምቲ ዓባይ ሰዓል ዘለዎም ሽግር ንኽንርድኦን መመሓየሺ ሓሳባት ድማ ንከነማዕብል፣ ኩሉ ዘድልየና ሓበሬታ ንረክብ።

### *እቲ ምስምማዕን ኣብዚ መጽናዕቲ ምስራሕን ብድልየት'ድዩ?*

እቲ ምስምማዕን ኣብዚ መደብ „*Together Against Tuberculosis*“ ምስራሕን ሙሉእ ብሙሉእ ብድልየት እዩ። ብፍላይ ከኣ እቲ ምስ እቲ ሕክምና ዘሎ ቀረባት ምእላይን ምድጋፍን ኣብቲ መጽናዕቲ ምስራሕን ምስ እቲ ምስምማዕ ዝተኣሳሰር ኣይኮነን። እቲ ምስምማዕ ከኣ ኣብ ዝኾነ እዋን ክሰሓብ ይኽእል እዩ፣ እዚ ከኣ ነቲ ምእላይ ምንም ሳዕቤን የብሉን!

### *በቲ ናተይ ዳታ እንታይ እዩ ዝግበር?*

ኣብዚ መድረኽ መጽናዕቲ መደብ „*Together Against Tuberculosis*“ ዝድለብ ንውልቀሰብ ዝምልከት ዳታን ሓበሬታን (እቲ ንዝቐረበ ሕቶታት ዝተዋህበ መልሲ ንምሳለ ኣብ ኢንተርቪው ሓዊስካ) በቶም ኣብዚ መጽናዕቲ ዝሳተፉ ውልቀሰባት ጥራሕ እዩ ክርኤ ዝኽእል። ኩለን እዘን ዳታት ብኽቱር ምስጢር እየን ዝሕለዋ ከምኡ ድማ ንሳልሳይ ኣካል (ካልኦት ውልቀሰባት ወይ ትካላት፣ ቤት ጽሕፈታት) ሓሊፉ ኣይወሃብን እዩ። እተን ንሓለዋ ዳታ ዝምልከታ ሕጋዊ መምርሒታት ንኽተለን ኢና፣ ብፍላይ ድማ ነቲ ኤውሮጳዊ መምርሒ መሰረታዊ ስርዓት ሓለዋ ዳታ (EU-DSGVO)። እቲ ገምጋም ክግበር ካብኡ ቀጺሉ ድማ እቲ ዳታን ሓበሬታትን ተሓቲሙ ክዝርጋሕ ከሎ ብመልክዕ ስቱር ኣስማት እዩ ዝትግበር: ስቱር ኣስማት ማለት፣ እተን ኣስማትን ካልኦት ዝጥቀሳን ንጹራት ውልቀሰባዊ (ንምሳለ ስም፣ ዕለት ልደት፣ ኣድራሻ) ካብ እቲ ዳታ ይፍለያ እየን። ኣብ ክንድኡ እተን ዳታ በቶም ሓለፍቲ መደብ ብሓደ ካልእ ምልክታት እየን ዝጥቀሳ፣ ንምሳለ ብቑጽሪ። እቲ ውልቀሰብ ብኽምዚ መገዲ ብቐጥታ ክልለ ኣይክእልን እዩ፣ እንታይ ደኣ በቶም ሳይንሳዊ ሰራሕተኛታት ናይ እዚ መደብ ጥራሕ እዩ ዝፍለጥ። ናይዚ መጽናዕቲ ውጽኢት ተሓቲሙ ክዝርጋሕ ከሎ፣ ነቲ ዳታ ምስ ውልቀሰባት ክተሓሓዝ ኣይክእልን እዩ።

እቲ ኣገዳሲ፣ ብሓፈሻኡ ጠቕሊልካ ክርኤ ከሎ፣ ብጃካ እቶም ኣብዚ መጽናዕቲ ዝሳተፉ ሊቃውንቲ (እዚኦም ከኣ ምስጢር ንኽሕልዉ ዝግደዱን ዝኣምኑሉን እዮም) ማንም ነቲ ናይ መጽናዕቲ ዳታን ውጽኢትን ምስቶም ምንጪ ናይዚ ዳታን ሓበሬታን ዝኾኑ ውልቀሰባት ከራኽብ ኣይክእልን እዩ።

### *ምስምማዕኩም ብጽሑፍ መልክዕ የድልየና እዩ*

ኩሎም እቶም ተሳተፍቲ፣ ብዘይ ስምምዕኩም ዳታትን ሓበሬታትን ዘየደልቡ ከም ዝኾኑ ርግጸኛ ምእንቲ ክኾኑ፣ እስኹም – ከም መጠን ተሳታፊ ናይዚ መጽናዕቲ – ከምኡ ድማ እቲ ናይዚ መጽናዕቲ ጉጅለ ኣባል፣ መብርሂ ረኺብኩም ብጽሑፍ ከም ዝተሰማማዕኩም ክምዝገብ ኣለዎ። ነቲ ሓበሬታ ናይዚ መጽናዕቲ ተረዲእኩም ከም ዘሎን በቲ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ምትሕብባር ትሰማምዑ ከም ዝኾንኩምን ንምግላጽ፣ ነቲ ተቐሪቡ ዘሎ ሰነድ ፎርሙላ ፈሪምኩም ንኽተረጋግጹልና፣ ብኽብረትኩም ንሓተኩም።

***Together Against Tuberculosis***

Schwerpunktcurriculum Global Health, Institut für Geschichte der Medizin
Justus Liebig-Universität Gießen, Iheringstr.6, 35392 Gießen,
Tel.: 0641-9947701 (Sekretariat)
Email: tatbc@histor.med.uni-giessen.de

## ***ናይ ምስምማዕ መግለጺ ኣብ መድረኽ ናይዚ መጽናዕቲ መደብ „Together Against Tuberculosis“ (ደቀንስትዮን ተባዕተዎትን ተሓከምቲ)***

ስም ኣቦ: ____________________ ስም: ____________________

ዕለት ልደት: ________________________________________

በዚ ቀጺሉ ተጠቒሱ ዘሎ ዓይነት ምትሕብባር ናይዚ መደብ መጽናዕቲ „Together Against Tuberculosis“ ዝሰማማዕ ከም ዝኾንኩ ኣብዚ እገልጽ ኣለኹ። እዚ ምእላይ ብድልየት ከም ዝኾነን ነቲ ተሰማሚዔዮ ዘለኹን ድማ ኣብ ዝኾነ እዋን ክስሕቦ ከም ዝኽእልን፣ እፈልጥ እየ። እዚ ከኣ ነቲ ውልቃዊ ዳታ የደምስስ እዩ።

| | | |
|---|---|---|
| ኣብ እቲ እዋን ምእላይ ዝተደለበ ንውልቃዊ ዝምልከት ዳታ ብስቱር ኣስማት ንኽግምገም: | እወ [ ] | ኣይፋልን [ ] |
| ሕቶታት ንምምላስን ኣብቲ ዕላምኡ ንመጽናዕቲ ዝኾነ ዝርርብን/ ኢንተርቪውን ንምስታፍ | እወ [ ] | ኣይፋልን [ ] |
| ናይ እዚ ምስምማዕ መግለጺ ብሓደ ካልእ ቋንቋ ተቐሪቡ ኣሎ: | እወ [ ] | ኣይፋልን [ ] |

ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ፒ.ዲ. ዶክተር ሚካኤል ክኒፐር (michael.knipper@histor.med.uni-giessen.de) ከም መጠን ሓላፊ መደብ ክሕብረኩም ብሓጎስ ዝተቐረበ እዩ። ናይዚ ዳታ ኣሰራርሓ ሕጋዊ መሰረት ኣብ ምዕራፍ 6 እዝባር 1 ፊደል a ሕጊ EU-DSGVO ዝተመርኮሰ እዩ።

ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን፣ ብዛዕባ ዳታኹም ሓበሬታ ክትሓቱን ዝተጋገየ ዳታ ክትእርሙ ወይ ነቲ ኣሰራርሓ ከተደርቱን መሰል ኣለኩም (ምዕራፍ 15፣ 16 ን 18 መሰረታዊ መምርሒ ኤውሮጳዊ ስርዓት ሓለዋ ዳታ)። ነቲ ኣሰራርሓ ዳታ ካብ ሕጊ ወጻኢ እዩ መሲሉ እንተ ተራእዩኩም፣ ኣብ ናይ ሄሰን ሰብ መዚ ሓለዋ ዳታ ኣቤቱታኹም ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም (ምዕራፍ 77 መሰረታዊ መምርሒ ኤውሮጳዊ ስርዓት ሓለዋ ዳታ፣ § 55 ናይ ሄሰን ሕጊ ሓለዋ ዳታን ነጻነት ሓበሬታን)። ካብኡ ወጻኢ እውን ነቲ ዝተሰማማዕኩሞ ኣሰራርሓ ዳታ ክትስሕብዎን ነቲ ናትኩም ዳታ ከተደምስስዎን መሰል ኣለኩም፣ ክሳብ እቲ እዋን ዝተተግበረ ስርሒት ዳታ ግን ሕጋዊ ኮይኑ እዩ ዝተርፍ (ምዕራፍ 7 እዝባር 3 ን ምዕራፍ 17. EU-DSGVO). ከምኡውን እቲ ዳታኹም ብፖስታዊ መልክዕ ንኽስደደልኩም ወይ ናብ ሓደ ካልእ ሓላፍነት ዘለዎ ንኽስደድ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። (ምዕራፍ 20 EU-DSGVO).

ናይዚ መስርሕ ዳታ ሓላፍነት ዘለዎ ጁስቱስ-ሊቢግ-ዩኒቨርስቲ ጊሰን፣ ጎደና ሉድቪግ 23, 35390 ጊሰን፣ ብፕሬሲደንቱ ተወኪሉ እዩ። ሰብ መዚ ሓለዋ ዳታ:

ኣክሰል ፒ. ግሎቡሹትስ
ጎደና ሉድቪግ 23፣ ክፍሊ 227፣ 35390 ጊሰን
Datenschutz@uni-giessen.de
ተሌ. 0641-99 12230

ዶክተር ሮበርት ፊፈር
ጎደና ሉድቪግ 23፣ ክፍሊ 221፣ 35390 ጊሰን
Datenschutz@uni-giessen.de
ተሌ. 0641-99 12250

| ______________________ | ______________________ | ______________________ |
|---|---|---|
| ቦታ፣ ዕለት | ተሓካሚ / ሕጋዊ ወኪል | ንሰዓል ዓባይ |